# ምስ ስክሪን ምንባር

ቆልዑ፡ ስክሪናት፡ ወለዲ፡
ብሓባር ብከመይ ንነብር፧

መምርሒ ንወለዲ

ምክሪታትን ማእለያን ንደቅኹም
ስክሪን ክጥቀሙ ከለው

TIGRINYA

action innocence

**ካብ ገለ ዓመታት እትሒዙ፡ ስክሪንን ኤሌትሮኒካዊ መሳርሒታትን ክፋል መዓልታዊ ሂወትና ኮይኖም አለው። ከም ወለዲ መጠን፡ ንሕና ውን መዓልታዊ ንክንዘራረብ ንስራሕ ወይ ንመዘናግዒ ንጥቀመሎም ኢና።**

**ደቅና ውን ብናትና አጠቃቅማ፡ በብቅሩብ ውን ናታቶም ተመክሮ ነዚ ዝተቃልዑ እዮም። ከም መጠን ዕድሚኦም፡ ንሳቶም/ንሳተን መጻወቲ ቪድዮ [ገይም]፡ መፈተሺ ኢንተርነት አጠቃቅማን ናይ መራከቢ ብዙሓን ይጥቀሙ እዮም።**

**አብ ማእከል እዞም ስክሪናት፡ ንሕና ወለዲ ንደቅና ግቡእን ሓላፍነትን ዘለዎ አጠቃቅማ ንኸማዕብሉ ብኸመይ ክንሕግዞም ንኽእል፧ ስሩዕ ሂወት ስድራቤት ንምዕቃብ ንሕና እንታይ ፍታሕ ከነዳሉ ንክእል፧**

**አክስዮን ኢንሶንስ ንደቅኹም በዚ ጉዳይ ተመክሮ ንኽድልቡ ክትድግፍዎም ምእንቲ ገለ ገለ ሓሳብ ተቅርበልኩም።**


## ናይ አገልግሎት ትካል

አክሽን ኢንሶንስ ማሕበር እያ። ብ1999 አብ ጀነቭ እተመስረተት ኮይና ዕላማአ ድማ ንጹህን ምዕሩይን አጠቃቅማ ናይ ስክሪን ንክህሉ ምጉስጓስ እዩ። እዛ ማሕበር አብ ቤት ትምህርቲ ትዋሳእ፣ ንምክልካል ዝጠቅሙ ነገራት ንምምዕባልን ንምስትምሃርን ዓቢ ጐስጓስ ኣፍልጦ ንሰብ ሞያ ትምህርትን ጥዕናን ተካዪድ።

# ትሕዝቶ

| | |
|---|---|
| **4** | **ግቡእ ኣጠቓቕማ ናይ ስክሪን ንናኣሽቱ ቆልዑ [0-6 ዓመት]** |
| **6** | **ውላደይ ቪድዮ ጸወታታት ይጻወት** |
| **12** | **ዉላደይ ኢንተርነትን መራኸቢ ብዙሓንን ይጥቀም** |
| **16** | **ጎነጽ ዘለዎን ወይ ስእለ ጽዩፍ ትሕዝቶ ዘለዎም ቪድዮታት ምቕላዕ** |
| **20** | **ግፍዒን ኣብ ኢንተርነት ዝግበር መጥቃዕቲ ኣብ መንጎ ተማሃሮ** |
| **26** | **ሕማቕ ዝምድና ብኢንተርነት *[grooming]*** |

# ግቡእ ኣጠቓቕማ ናይ ስክሪን ንናኣሽቱ ቆልዑ [0-6 ዓመት]




- ቆልዓይ ትሕቲ 3 ዓመት እንተ ኾይኑ፡ ንሱ/ንሳ ኣብ ቅድሚ ስክሪን ብዙሕ ግዜ ከየሕልፉ እሕልዎም።
- ናጻ ኮይኖም ክጻወቱን፡ ኣካላዊ ንጥፈታትን ክገብሩን፡ ምስ ቤተ ሰብ ክራከቡን እመርጽ።
- ካብ ህጻንነቶም ጀሚረ ስርዓት ኣጣቃቕማ ናይ ስክሪን እሰርዓሎም።
- ኣብቲ መጻወትን ፕሮግራምን ኣፕሊከሽን ዝተጻሕፈ ናይ ዕድመ ገደብ ኤክብሮ ኣብ ግብሪ ኣውዕሎ።
- ነቲ ዝርእይዎ ምስቲ ንኡስ ዕድሚኦም ዝከይድ እመርጸሎም።
- ክሳተፉሉ ዝክእሉ ንጥፈታት ክመርጽ እፈቱ።
- እቲ/እታ ቆልዓ ዝርእይዎ ምስኦም ኮይነ ድማ ብዛዕብኡ ሓሳብ ንለዋወጥ።
- ነቲ /ነታ ቆልዓ ዝስምዖም ስምዒት ንክገልጽዎ ኣተባብዖም።
- ንደቀይ ኣብ እዋን መኣድን ቅድሚ ናይ ድቃስ ሰዓትን ስክሪን ዝበሃል ኣይርእዩን እዮም።
- ኣብ ቅድሚኦም ስክሪን ዝጥቀመሉ እዋን ገደብ እገብረሉ።

## ስክሪን ንቆልዓይ ማሕለክቲ ክከውን የብሉን፡

- ንከባቢኡ ካብ ምድህሳስ
- ከም ልቡ ካብ ምጽዋት
- ንሓሙሽተኦም ህዋሳት ንክጥቀመሎም
- ምስ ቤተ ሰቡ ንከዕልል
- ናይ ምዝራብ ዓቕሙ ካብ ምምዕባል
- ምስ ካልኦት ቆልዑ ካብ ምጽዋት
- ተባላሓቲ ካብ ምኻን
- ካብ ምሕላም

# ውላደይ ቪድዮ ጸወታታት ይጸወት



## አነ እተገንዘብክዎ ንዕኡ ቪድዮ ጸወታታት ምጽዋት ዘክእሎ ነገር፡

- የሐጉሶን የዘናግዖን
- ሓደሽ ተኽእሎታት የጥሪ
- ዕብየት የርእን ይዕወትን
- ዋጋ ይወሃባ/ቦ
- ምስ አዕሩኽቱን መማህርቱን ይጸወት
- ምስኦም / ምስኤን ይዘራረበሉ

## አብ ትሕዝቶኡ እግደስ፡

- ቅድሚ ነቲ መጻወቲ ምግዝኤይ አብ ኢንተርነት ሓበሬታ እፍትሽን ከምኡ ውን ርእይቶ ናይ ካልኦት ወለዲ እውከስ።
- ብዛዕባ ትሕዝትኡን ገደብ ናይ ዕድመን አብ ኢንተርነት www.pegi.info እፍትሽ።
- እቲ ክፋላት ክንደይ ግዜ ከም ዝውድእ እሓትት።
- እፈልጥ እየ አብ ገለ ገሊኡ ቪድዮ ጸወታታት አብ መስመር ጸወታታት ክገዝኡ ተክእሎ ኣሎ።

## ውላደይ አብ ኢንተርነት መድረክ መጻወቲታት ክጻወት ከም ዝክእል ተገንዚበ አለኹ ንሱ ድማ፡

- ምስ ካልኦት ዘይፈልጦም ተጻወትቲ ክዘራረብ ይክእል
- መልእክቲታትን ስእሊታትን ቪድዮታትን ክሰደሎም ይኽእል

## ንነብሱ ንምክልኻል ይምህሮ፡

- አብ ኢንተርነት፡ ብዛዕባ ንዓኻ ዝምልከት ሓበሬታትን፡ ናይ ውልቅኻ ሂወትን ናይ ውሽጥኻ ሂወትን ነብስኻ ምክልኻል አዝዩ አገዳሲ እዩ።
- በበይኑ ኮድ [ፓስ ዎርድ] ምጥቃም፡ብተደጋጋሚ ምቅያርን ብምስጢር ምዕቃብን አገዳሲ እዩ።
- ነቲ አብ ኢንተርነት ትዝርግሖ ሓበሬታታት[ ስእሊታት ቪድዮታት መልእክቲታት ወዘተ....] ንሓዋሩ አብ ኢንተርነት እዩ ዝተርፍን ወሬኻ ውን ካብኡ እዩ ዝፍጠር [እቶም ካልኦት ሰባት ብዛዕባኻ/ኺ ዘለዎም አረአእያ]።
- ንዓኻ/ኺ ዝምልከት ሓበሬታትን ባዕልኻ/ኺ አብ ኢንተርነት ዝዘርጋሕኩሞ አንጻርኩም ክጥቀሙሉ ይክእሉ እዮም።
- እቶም እትላለይዎም ሰባት ክሕስዉ ይኽእሉ እዮም። ብድሕሪ ስክሪን ተሓቢኡ ዘሎ ሰብ ክትፈልጦ አይከአልን እዩ።
- ገለ ገለ ትሕዝቶታት ምስ ዕድሜኦም ዝኸይድ አይኾነን ብተወሳኪ ውን ዘሰምብድ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## እቲ ናይ ኢንተርነት መድረኽ መጻወቲታት ኣብ መስመር ትጻወትዎ ቦታ ሕጊ ኣልቦ ኣይኮነን፡

- ብዓይኒ ሕጊ፡ እዚ ክልኩል እዩ፡
  - ንሓደ ሰብ ኣብ መድረኽ መጻወቲ ምጽራፍ ወይ ምፍርራሕ፡
  - ጸለመ
  - ብዘይ ፈቃድ ናይቲ ሰብ ስእሊ ይኹን ወይ ቪድዮ ንሱ ዘለዎ ምዝርጋሕ።
- ውላደይ ከምዚ ኩነታት እንተ ኣጋጢምዎ፡ ንሱ/ንሳ ክኸሱ መሰል ኣለዎም።
- ኣብ ስዊስ፡ ውላደይ ካብ 10 ዓመት ንንየው ዝገብሮ ተግባሩ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ተሓታቲ እዩ።

## ስርዓት የቅውም፡

- ናይ ስክሪን ዝሪኡሉ ግዜ ገደብ ይሰርዕ ውላደይ ምእንቲ፡
  - ከም ልቡ ክንቀሳቀስ፡
  - እኹል ክድቅስ
  - ዝተፈላለየ ንጥፈታት ንክገብር።
- ምስኡ /ምስኣ ብዛዕባ ስርዓት ንዘራረብ።
- ነቲ ስርዓት ንክጽሕፎን ክጥቅዖን ሓሳብ ኣቕርበሉ።
- ምስ ዕድመ ናይ ውላደይ ነቲ ስርዓት ኤስተካኽሎ።
- ስርዓት ምስ ዘየክብር ዝመጽእ ሳዕቤን ንዘራረብ።

## ነቲ ገደብ ንክጸንዕ ዝሕግዘኒ፡

- ንውላደይ ክጽብቀሉ ምእንቲ ስርዓትን ገደብን የቅውም።
- ንሱ/ንሳ ክጻወቱ ከለው ወይ ንሱ/ንሳ ምጽዋት ደው ከብልዎ ከለው ስምዒቶም ክቖጻጸሩ ምእንቲ አስተምህሮም።
- ወለዲ ንኽቆጻጸርዎ ዘክእሎም ፕሮግራም ኤጽዕን።
- ግዜ ናይ ጸወታ ገደብ ክህልዎ ምእንቲ ናይ ደቃይቅ ደወል እመልኣ።
- አብነት ክኸዉን ምእንቲ ናተይ ናይ ስክሪን ዝርእየሉ ግዜ አጉድልን ገደብ እገብረሉ።
- ውላደይ ክጻወት ከሎ ግዜ ወሲደ እዕዘቦ፡ አነ ድማ ንዕኡ/ንዓአ ኤመጉሶምን ኤተባብዖምን።
- ምስኡ/ምስአ ኮይነ ድማ መጻወቲ ቪድዮ እጻወት።

# ክሻቀል ኣለኒ እንተ፡

- ውላደይ መመሊሱ ኣብ ምጽዋት ብዙሕ ግዜ የሕልፍ እንተ ኮይኑን ነቶም ካልኦት ንጥፈታት ሻላ ምስ ዝርኢ።
- ንሱ/ንሳ እንተ ዘይተጻዊቶም ወይ ምጽዋት ደው ምስ ዘብሉ ብቀጻሊ ምስ ዝቁጥዑ።
- ንሱ/ንሳ ብዙሕ ብኹራት ናይ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝህልዎ።
- ናይ ትምህርቲ ነጥብታቶም ክጎድል ምስ ዝጅምር።
- ንሱ /ንሳ ድቃስ ምስ ዝኣብዮም።
- ንሱ/ንሳ ጎነጸኛ ምስ ዝኮኑ።
- ንሱ/ ንሳ ምስ ዝግለልን ምስ ዝዕጸውን።

# ዉላደይ ኢንተርነትን መራኸቢ ብዙሓንን ይጥቀም



## እነ ዝግንዘቦ ኢንተርነትን መራኸቢ ብዙሓንን ንዕኡ የኽእሎ፡

- ምስ አዕሩኽቶምን/መሓዙተንን የራኽቦም
- አብቲ ዘገድሶም ዝርርብ ንኽሳተፉ
- ተቀባልነትን አፍልጦ የውህቦም
- ፈጠራአዊ ክእለትን ሓሳባትን የማዕብሉ
- ንክፈልጥዎ ዝደልዩ ይፍትሹ
- ሓደስቲ ነገራት ይመሃሩን ይፈልጡን

## ንነብሱ ንኽከላኸል የስተምህሮ፡

- አብ ኢንተርነት፡ ብዛዕባ ንዓካ ዝምልከት ሓበሬታትን፡ ናይ ውልቅካ ሂወትን ናይ ውሽጥኻ ሂወትን ነብስኻ ምክልኻል አዝዩ አገዳሲ እዩ።
- በበይኑ ኮድ [ፓስ ዎርድ] ምጥቃም፡ ብተደጋጋሚ ምቅያርን ብምስጢር ምዕቃብን አገዳሲ እዩ።
- ነቲ አብ ኢንተርነት ትዝርግሖ ሓበሬታታት[ ስእሊታት ቪድዮታት መልእክቲታት ወዘተ....] ንሓዋሩ አብ ኢንተርነት እዩ ዝተርፍን ወሬኻ ውን ካብኡ እዩ ዝፍጠር [እቶም ካልኦት ሰባት ብዛዕባኻ/ኺ ዘለዎም አረአእያ]።
- ንዓኻ/ኺ ዝምልከት ሓበሬታትን ባዕልኻ/ኺ አብ ኢንተርነት ዝዘርጋሕኹሞ አንጻርኩም ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም።
- እቶም እትላለይዎም ሰባት ክሕስዉ ይኽእሉ እዮም። ብድሕሪ ስክሪን ተሓቢኡ ዘሎ ሰብ ክትፈልጦ አይከአልን እዩ።
- ገለ ገለ ትሕዝቶታት ምስ ዕድሜኦም ዝኸይድ አይኾነን ብተወሳኺ ውን ዘሰምብድ ክኸውን ይኽእል እዩ።
- ብዘይ ናቱ/ ናታ ፍቃድ ስእሎም እንተ ተዘርጊሑ ንክድምሰስ ክሓቱ መሰል አለዎም።



## ኢንተርነት ካብ ሕጊ ወጻኢ እትኾነሉ ቦታ አይኮነን ኢለ እገልጸሉ፡

- ብዓይኒ ሕጊ፡ እዚ ክልኩል እዩ፡
    - ንሓደ ሰብ አብ ኢንተርነት ምጽራፍ ወይ ምፍርራሕ ፡
    - ጸለመ
    - ብዘይ ፈቃድ ናይቲ ሰብ ስእሊ ይኹን ወይ ቪድዮ ንሱ ዘለዎ ምዝርጋሕ።
- ነቶም ክጽዕንዎም ዝደልይዎም አፕሊኬሽናት ብዛዕብኦም ሓበሬታ ይእክብ።
- አብ ስዊስ፡ ውላደይ ካብ 10 ዓመት ንንየው ዝገብሮ ተግባሩ አብ ቅድሚ ሕጊ ተሓታቲ እዩ።

## አነ የሰንዮ፡

- ንውላደይ አብቲ ናይ ፓራሜትር ድ ኮንፊዶንስያሊተ[ብዛዕባኻ ዝምልከት ሓበሬታ ክረኤን ከይርኤን እተስተኻክለሉ መቆጻጸሪ ስርዓት] ናይ መራከቢ ብዙሃን ንክሰርዖ እሕግዞ።
- ነቶም ክጽዕኖ ዝደሊዎም አፕሊኬሽና ብዛዕብኦም ሓበሬታ ይእክብ።
- ንሱ/ንሳ ሕቶታት እንተ አለዎም ወይ ዝኮነ ዝኸብዶም ነገር ምስ ዝገጥሞም እሰምዖም።
- አብነት ክኸውን ምእንቲ ናተይ ናይ ስክሪን ዝርእየሉ ግዜ አጒድል።



## ስርዓት የቐውም፡


- ናይ ስክሪን ዝሪኡሉ ግዜ ገደብ ይሰርዕ ውላደይ ምእንቲ፡
    - ከም ልቡ ክንቀሳቀስ ፡
    - እኹል ክድቅስ
    - ዝተፈላለይ ንጥፈታት ንክገብር።
- ምስኡ /ምስአ ብዛዕባ ስርዓት ንዘራረብ።
- ነቲ ስርዓት ንኽጽሕፎን ክጥቅዖን ሓሳብ አቕርበሉ።
- ምስ ዕድመ ናይ ውላደይ ነቲ ስርዓት አስተኻኽሎ።
- ስርዓት ምስ ዘየክብር ንዝመጾ ሳዕቤን ንዘራረብ።

## ክሻቀል አለኒ እንተ፡

- ውላደይ መመሊሱ አብ ኢንተርነት ግዜ የሕልፍ እንተ ኾይኑን ነቶም ካልኦት ንጥፈታት ሻላ ምስ ዘርኢ።
- ንሱ/ንሳ ምስ አዕሩኽቱ /መሓዙታ ዘሕልፎ ግዜ ምስ ዝውሕድ።
- ንሱ/ንሳ ብዙሕ ብኹራት ናይ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝህልዎም።
- ናይ ትምህርቲ ነጥብታቶም ክጎድል ምስ ዝጅምር።
- ንሱ /ንሳ ድቃስ ምስ ዝስእኑ።
- ንሱ/ንሳ ጎነጸኛ ምስ ዝኾኑ።
- ንሱ/ ንሳ ምስ ዝግለልን ዝዕጸውን።



# ኅነጽ ዘለዎን ወይ ስእለ ጽዩፍ ትሕዝቶ ዘለዎም ቪድዮታት ምቕላዕ



**ውሉደይ ስክሪን ኣብ ዝጥቀመሉ እዋን፡ ንሳ/ንሱ ንጎነጽ ዘለዎ ወይ ስእለ ጾዩፍ ቪድዮታት ክቃልዑ ይኽእሉ።**

## ከምዚ ዓይነት ትሕዝት ዘለዎም ዝርአየሉ፡


- ኣብ መልእኽቲ[ ኣብ ኢመይል፡ መሰንጀር፡ ወዘተ።]
- ኣብ ኢንተርነት ዝፍትሽሉ እዋን
- ኣብ መራኸቢ ብዙሓን
- ኣብቲ ንሳ/ንሱ ቪድዮ ጸወታታት ዝጻወቱሉ እዋን ወይ ተኸታታሊ ፊልሚ ምስ ዕድሚኦም ዘይከይድ ኽርእዩ ከለው

## ንነብሱ ንኽከላኸል የስተምህሮ፡

- ዘይትፈልጦ ሰብ ብኢመይል፡ ብመሰንጀር፡ ወይ ብመራከቢ ብዙሓን ኣብዚ ጠዊቅካ እቶ ዝብል መልእኽቲ ምስ ዝስደልካ ዘይምጥዋቅ ኣገዳሲ እዩ።
- ኣብ ኢንተርነት ክፍትሽ እንከሎ፡ ዘይግባእ ትሕዝቶ ዘለዎም ክርአዩ ይክእሉ እዮም ዋላ ውን እቲ ዝፈተሾ ጎነጽ ዘለዎ ወይ ናይ ስእለ ጾዩፍ ቪድዮታት ዝሓዘ ኣይኩን።
- ኣብቲ ህሉው ገጽ ዜና ናይ መራከቢ ብዙሓን፡ ዘሰምብድ ትሕዝቶ ዘለዎም ክዝርግሑ ተክእሎ ኣሎ።

## ኣነ የሰንዮ

- ብዛዕባ እቶም ውሩያት ሰባት [ጽልዋ ዘሕድሩ/ራ ] እግደስን ውሉደይ ኣብ ኢንተርነትን መራከቢ ብዙሓንን ዝክተሎ ትሕዝቶ እግደስ።
- ብንጹር ንዝኾነ ይኹን ንሳ/ንሱ ኣብ ዝኾነ እዋን ዋላ ውን ንሱ /ንሳ በቲ ዝርእይዎ ነገር ዘሰክፎም እንተኾነ ንዓይ ክውከሱኒ ከም ዝክእሉ እሕብሮም።
- እኩላትን እሙናት ሰባት ርእዩ ከኻፍሎም ንሱ/ንሳ ነቶም [መምሃራን፡ ነርሳት ናይ ቤት ትምህርቲ ወዘተ። ] ክዛረቦም ምእንቲ።
- ከም ዕድሚኦም፡ ወለዲ ንክቆጻጸርዎ ዘክእሎም ፕሮግራም ኤጽዕን።



## ንሱ/ንሳ ስለምንታይ ከምዚ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎም ንኻልኦት ክሰዱሎም ከም ዘይብሎም እገልጸሎም፡

- ጎነጽ ዘለዎን ወይ ስእለ ጽዩፍ ቪድዮታት ትሕዝቶ ዘለዎ ንኻልኦት ሰባት ከሰምብዶም ስለ ዝኽእል።
- ከምዚ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎ ዘይሕጋዊ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምሓዙን ምስ ካልኦት ምክፋልን ብሕጊ የቕጽዕ እዩ።
- ኣብ ስዊስ፡ ውላደይ ካብ 10 ዓመት ንንየው ዝገብሮ ተግባሩ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ተሓታቲ እዩ።

## ክሻቀል ኣለኒ እንተ፡


- ውላደይ መመሊሱ ኣብ ኢንተርነት ብዙሕ ግዜ የሕልፍ ወይ ኣብ ኢንተርነት ንኽእቱ ዘወግድ ምስ ዝከውን
- ንሱ/ንሳ ብዙሕ ብኹራት ናይ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝህልዎም።
- ናይ ትምህርቲ ነጥብታቶም ክጎድል ምስ ዝጅምር።
- ንሱ/ንሳ ርእሶም ወይ ከብዶም ምስ ዝሓሙ።
- ንሱ /ንሳ ድቃስ ምስ ዝስእኑ።
- ንሱ/ንሳ ጎነጸኛ ምስ ዝኾኑ።
- ንሱ/ ንሳ ምስ ዝግለልን ዝዕጸውን።

# ውሉደይ ጎነጽ ዘለዎን ወይ ስእለ ጽዩፍ ቪድዮታት ስለ ዝተቓለዔ። እንታይ ክገብር አለኒ፧


- ጽን ኢለ እሰምዖን ንኽዛረብ አተባብዖን።
- ንሱ/ንሳ ነቲ ዝርአይዎ ንኸርድኦም ይሕግዞምን አህድኦምን።
    - ስምዒቶም ንኽገልጹ እፈቅደሎም። ውሉደይ ፍርሂ፡ ጭንቀት፡ ምፍንፋን፡ ሕፍረት ወዘተ ክስምዖም ይክእል።
    - ንዕኡ/ንዓአ አይፈርዶምን።
    - ምስ ዕድሚኦም ዝከይድን ብክርድኦም ዝክእል ቋንቋ መግለጺ እህቦም። ንሱ/ንሳ ብዕድመ ንእሽቱ ምስ ዝኾኑ፡ ንሳቶም ብቀሊሉ ክርድእዎ ዝክእሉ ቓላት ክንመርጽ ይግብአና።
    - ሓፈሻዊ መግለጺ እህቦምን ንውላደይ ድማ ባዕሉ ነቲ ሕቶታቱን ሻቅሎቱን ከለልዮ እገድፎ።

## ሕጊ ናይ ስዊስ እንታይ ይብል፧

- ንጎንጺ ዘውክል፡ ዓንቀጽ 135፡ ዝባር 1ን2፡ CP
- ስእለ ጽዩፍ፡ ዓንቀጽ 197፡ ዝባር 1፡ CP



# ግፍዒን ኣብ ኢንተርነት ዝግበር መጥቃዕቲ ኣብ መንጎ ተማሃሮ



**ግፍዒን ኣብ መንነ ተማሃሮ መዓልታዊ ኹጋጥም ዝኽእል እዩ። እዚ ንውሉደይ ምስ ካልኦት ቆልዑ ክኸውን እንከሎ፡ ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ድሕሪ ትምህርቲ ዝጸንሓሉ ቦታ ወይ ኣብ መንገዲ ትምህርቲ ከጋጥሞ ይክእል። እዚ ማለት ድማ ብተደጋጋሚ ዝግበር መጥቃዕቲ ከም ላግጺ፡ ጸርፊ፡ ውርደት፡ ምድፋእ፡ ምህራም፡ ምንጻል[ ምግላል] ወዘተ። ብጉጅለ ዝፍጸም ግፍዒ ንንውሕ ዝበለ እዋን ዝቅጽል ተርእዮ እዩ። እቶም ግዳያት ዝተገለሉን ንነብሶም ክኸላከሉላ ዘይክእሉን እዮም።**


## ብኢንተርነት ዝግበር መጥቃዕቲ

ኤሌትሮኒካዊ መሳርሒታት ምጥቃም ንብዙሓትን ብቅልጡፍን ብዘይ ገደብ ቦታን ግዜን [24/24 ሰዓትን 7/7 መዓልቲ] መልእክቲ ምዝርጋሕ ማለት እዩ።

ግፍዒ ኣብ ኢንተርነት ዝግበር መጥቃዕትን ኣብ ስነ-ኣእምራዊን ኣካላዊ ጥዕና ናይ ሓደ ቆልዓ ሕማቅ ሳዕቤናት የስዕብ።


## ንውላደይ እድግፍ፡

- ንውላደይ ብንጹር ንሱ/ንሳ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ንዓይ ክውከሱ ከም ዝኽእሉ እሕብሮም።
- እምነት ከንብሩሎም ዝኽእሉ እኹላት ሰባት ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ቤተ ሰብን ከለሊ ንሱ/ንሳ ኣብቲ ሽግር ዘጋጥሞ እዋን ከይዱ ክዛረቦም[ንመምሃራን፡ ነርሳት ናይ ቤት ትምህርቲ ] ከም ዘለዎ ኣማክሮ።
- እቲ ዝወረዶ ላግጺ ንሱ/ንሳ ብሰሮም{ብናቶም ጥፍኣት} ከምዘይኾነ እገልጸሎም።
- ደገፈይ እገልጸሎም። ንዕኡ/ንዓአ ዝኾነ ይኹን ምፍርራሕን ምግቡዕባዕን ምስ ዘጋጥም ኣነ ከም ዝከላከለሎም እነግሮም።




## ክሻቀል ኣለኒ እንተ፡

- ውሉደይ ኩሉ ግዜ ኣብ ትምህርቲ ደንግዩ ምስ ዝኣቱ። ንሱ/ንሳ ካብ ደቒ ክላሱ ኣብ ኮረድዮ ወይ ኣብ ኣፍደገ ቤት ትምህርቲ ክሃድም ምስ ዝፍትን።
- ንሱ/ንሳ ካብ ኩሉ ንጥፈታት ናይ ቤት ትምህርቲን ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾነ ንክሳተፍ ድሌት ዘይብሉ ምስ ዝኸውን።
- ንሱ/ንሳ ብዙሕ ብኹራት ናይ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝህልዎ።
- ናይ ትምህርቲ ነጥብታቶም ክጎድል ምስ ዝጅምር።
- ንሱ/ንሳ ርእሶም ወይ ከብዶም ምስ ዝሓሙ።
- ንሱ/ንሳ ድቃስ ምስ ዝስእኑ።
- ንሱ/ንሳ ናይ ኣመጋግባ ጸገም ምስ ዝኽሰት።
- ንሱ/ንሳ ጎነጸኛ ምስ ዝኾኑ።
- ንሱ/ ንሳ ምስ ዝግለሉን ዝዕጸውን።
- ንሳ/ንሱ ትሑት ርእሰ ትኣማንነት ምስ ዘርእዩ።



## ውላደይ ኣብ ኢንተርነት ዝግበር መጥቃዕቲ ዕላማ [ታርጌት] ምስ ዝኸውን፡፡ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧

- ነቲ ዘጋጠመ ንሱ/ንሳ ዝነበርዎ ኩነታት ብዝርዝር ንኽገልጹለይ እሓቶም።
- ብዘይ ፍርዲ እሰምዖም።
- ነቲ ብዛዕብኦም ኣብ ኢንተርነት ተዘርጊሑ ዘሎ መልእኽቲ፡ ስእሊ ወይ ቪድዮ ንኽርእዮ እሓቶም፡
- ነቶም መምሃራኑን ዳይረክተርን ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኩነታትን እነግር ነቲ ነገር ኽኸታተልዎን ብቅልጡፍ ደው ንኽብልን እሕብሮም።
- ምስቲ ዘጋጠመ ኩነታት፡ ንውላደይ ዝከላኸል ሕጊ ከም ዘሎ እዝኽር።
- ብፍቓድ ናይ ውሉደይ፡ ነቲ ዘጋጠመ ፍጻመ ከም መርትዖን ጭብጥን እዕቅቦ[ስእሊ፡ ቪድዮ፡ ስክሪን ሹት መልእኽትታት]
- ኣብ ቀረባና ዘለው መደበር ፓሊስ ተሌፎን ብምድዋል ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ንሕብሮም።
- ከም ምክሪ ናይ ፖሊስ፡
  - ጭብጥታት ሒዘ፡ ወደይ ይሃሉ ኣይሃሉ ብኣካል ናብቲ መደበር ፖሊስ እከይድ።
  - እኸስስ።
  - ነቲ ትሕዝቶ እሕብር፡ ሕሳብ ናይቶም ገፋዕቲ ድማ ኣዕጽዎ።



## ንውሉደይ ከሰንዮ ክሕግዘኒ ምእንቲ፥

- ንሱ/ንሳ ግዳይ ምዃኖም እዝክር። ናይ ገበን ስምዒት ንኽስምዖ/ዓ ምግባር ነቲ ጸገም ከም ዘይፈትሖ ልቦም ከፊቶም እኹል ሓበሬታ ክነግሩ ኽም ዘይክእሉ ምግባር እዩ።
- ውላደይ ነቲ ዘጋጠሞ ክነግረኒ ግዜ ስለ ዘድልዮ።ዓቅሊ እገብር።
- ንውላደይ ናይ ስነ-ልቦና ደገፍ ንኽረኽብ ሓሳብ አቕርበሉ።

## ውሉደይ ናይ ግፍዒን አብ ኢንተርነት ዝግበር መጥቃዕትን ምስኽር እንተ ኾይኑ፥

- ናቱ ተራ ወሳኒ ምዃኑን ነቶም እኹላት ሰባት ነቲ ኩነታት ኽለልይዎን ከም ዝግብኦ ክሕዝዎን ከም ዘኽእሎምን እገልጸሉ።
    - ንኽነግረኒ ወይ ንሓደ እሙን ዝኾነ ሰብ አብ ቤት ትምህርቲ ንክነግሮ እዕድሞ።
    - ምስቶም ዝላገጽ ኽይሳተፍ እነግሮ።
    - ነቶም ግዳይ ዝኾኑ ንኽድግፎም አተባብዖ።
    - ምናልባት ውሉደይ ናብኡ ኽይግምጠልዎ ንሱ/ንሳ ርእይቶኦም አንጻር እቶም ተላገጽቲ ክዛረቡ እንተ ፈሪሆም፡ ነቶ ም አዕሩኽቶም ብሓባር ኾይኖም ንክሰርሑ ንኽዛረብዎም አማኽሮ።

## ሕጊ ናይ ስዊስ እንታይ ይብል፧

እዞም ዓንቀጻት ናይ ሕጊ ኽንከስስ እንኽለና ውን ኽንጥቀመሎም ንኽእል ኢና፡

- ሓለዋ ናይ ባህርያት/ ኣንጻር መጥቃዕቲ፡ ዓንቀጽ 28፡ ዝባር 1፡ CC
- ጥቀና፡ ዓንቀጽ 173፡ ዝባር 1፡ CP
- ጸለመ፡ ዓንቀጽ 174፡ ዝባር 1ን2 ፡ CP
- ጸርፊ፡ ዓንቀጽ 177፡ ዝባር 1፡ CP
- ምፍርራሕ፡ ዓንቀጽ 180፡ ዝባር 1፡ CP

# ሕማቕ ዝምድና ብኢንተርነት *[grooming]*



**ኸም ወለዲ መጠን፡ ውሉድና ኣብ ኢንተርነት ዘይፈልጦም ሰባት ክላለ ከም ዝኽእል ኣብ ኣእምሮና ክንሕዞ ኣለና። ንሱ/ንሳ ሓደ ኻብቲ ኽቃልዕዎ ዝኽእሉ ሓደጋታት *grooming* እዩ።**

## እዚ *grooming* እንታይ ማለት እዩ፧

ሌላን ርኽብን ምስ ቆልዑን ኣጉባዝን ንክህልዎምን ምግባርን 16 ዓመት ዘይበጽሑን ኣብቲ ሂወት ናይ እኹል ሰብ ዕድመን ጾታዊ ብስለት ዘይብሎም ዕላማኦም ድማ ንከበላሽውዎምን ጽዩፍ ተግባራት ኣብ ልዕሊኦም ንክፍጽሙ ምድላይ እዩ።

## ብኸመይ ይረኽብዎም፡

ኣብ መብዛሕትኡ እዋን፡ መጀመርታ ሓደ ውልቀ ሰብ ብመስመር ኣገልግሎት ናይ ኢንተርነት ተጠቂሙ ንሓደ/ሓንቲ ቆልዑ ክላለዮም ይፍትን። ንኣብነት፡ ብመራኸቢ ብዙሓን፡ ፎሮም፡ ኣብ ኢንተርነት መድረኽ መጻወቲ ቪድዮ፡ በቲ ቅኑዕ መንነቶም ወይ ናይ ካልእ መንነት ከም መዘናኦም ኮይኑ ይቀርቦም።

## ከም ዝአምንዎም ምግባር፡

እቲ ቆልዓ ነቲ ሰብ ከም ዝአምኖ ይገብር።

ንአብነት ከምዚ ይገብር፡

- ነቲ ቆልዓ ዘገድሶ አርእስቲ ሕቶታት ምሕታት።
- በቲ ንክልቲኦም ዘገድሶም አርእስቲ ርክቦም ምድልዳል።
- በብቁሩብ ነቲ/ነታ ቆልዑ ከመይ ይስምዖም ይሓቶም፡ ንሱ/ንሳ ጸገም ምስ አዕሩኽቶም/ መሓዙቶም ወይ ወለዶም ጸገም አለዎም ድዩ የብሎምን ንክፈልጥ ይጽዕር
- እቲ ቆልዓ ጸገም ዘለዎን፡ ምስ ነብሱ ጽቡቕ ዘይስምዖ እንተኾይኑ
- ከም እሙን/እምንቲ ሰብ ኮይኖም ይቀርብዎም

እቲ እምነትን ርክብ ናይ ምሕዝነት ወይ ውን ናይ ፍቕሪ ምስ ተመስረተ፡ እቲ ሰብ ብዛዕባ ንዕኡ ዘገድሶ ጥቡቕ ርክብ ሕቶታት ኽሓትት ይጅምር።

## አብነት ናይቶም ሕቶታት፡

- ጥራይኻ ምድቃስ ትፈቱ ዶ፧
- ንሓደ ሰብ ስዒምካ ዶ ትፈልጥ፧
- ረጂ ወይ ፈትሊ መርሃጫ ትክደኒ ዲኺ፧
- ጸጉሪ አለኪዶ፧
- ጡብ አውጺኪ ዲኪ፧
- መሸኒኻ ዓቒንካዮዶ ትፈልጥ፧



## እቲ ቆልዓ እምነት ምስ አንበረሉን ዝነበሮ ጥንቃቐ ምስ አጉደለ፡ እቲ ሰብ ሕቶታቱ አስተኻኺሉ ዘይግባእ ሕቶታት ኽሓትት ይጅምር፡

- ነቲ ቆልዓ ናይ ሕቡእ ኽፍሊ አካሉ ስእሊ ንክሰደሉ ይሓቶ፧
- ናቱ ናይ ሕቡእ ኽፍሊ አካሉ ስእሊታት ይሰደሉ
- አብ መስመር ኢንተርነት ንክራኸቡ ሓሳብ የቕርበሉ[ንአብነት፡ ብቪድዬ ኽርአአዩ]
- ብአካል ክራኸቡ ሓሳብ የቕርበሉ

## ክሻቀል አለኒ እንተ፡

- ውላደይ መመሊሱ አብ ኢንተርነት ግዜ የሕልፍ እንተ ኮይኑን ነቶም ካልኦት ንጥፈታት ሻላ ምስ ዘርኢ።
- ንሱ/ንሳ ምስ አዕሩኽቱ /መሓዙታ ዘሕልፎ ግዜ ምስ ዝውሕድ።
- ንሱ/ ንሳ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ አነ ዘይፈልጦ ሰብ እዮም ዝዘራረቡ።
- ንሱ/ንሳ አብ ጥቓኦም ምስ ቀረብኩ ነቲ ናይ ስክሪን ስእሊ ቀልጢፎም ምስ ዝቕይርዎ።
- ንሱ/ንሳ ደብዳቤ፡ ንብረት፡ ደወል ናይ ተሌፎን ካብ ዘይንፈልጦም ሰባት ምስ ዝቕበሉ።
- ንሳ/ንሱ ዘይፈልጦን ዘይሃብክዎም ገንዘብ ምስ ዝህልዎምን ኽዳውንቲን ዘይገዛእኩሎም ነገራትን ምስ ዝህልዎም።
- ንሱ/ንሳ ብዙሕ ብኹራት ናይ ቤት ትምህርቲ ምስ ዝህልዎም።
- ናይ ትምህርቲ ነጥብታቶም ክጎድል ምስ ዝጅምር።
- ንሱ/ንሳ ጎነጸኛ ምስ ዝኾኑ።
- ንሱ/ ንሳ ምስ ዝግለሉን ዝዕጸውን።
- ንሳ/ንሱ ትሑት ርእሰ ትአማንነት ምስ ዘርእዩ።



# ውሉደይ ግዳይ ናይ *grooming* እዩ ኢለ እሓስብ። እንታይ ክገብር አሎኒ፧

- ንውሉደይ ነቲ ዘለኒ ስግአት ሻቕሎተይን ኤኻፍሎ።
- ንዕኡ/ንዕአ ብዛዕባ እቲ ዘለዎ ርክባት ብዙሕ ሓበሬታት እሓቶም።
- ኽይፈረድኩ እሰምዖ።
- ምስቲ ሰብ ዝጸሓሓፎ ንክርእዮ እሓቶ።
- እቲ ዝኮነ ፍጻመታት ነቲ ቆልዓ ብዓይኒ ሕጊ ሓለዋ ክረክብ ኽም ዝኽእል አብ አእምሮይ እናዘከርኩ።
- ፍቃዱ ወሲደ፡ ነቲ ኩሉ ሰነድን ጭብጥን እዕቅቦ[ስእሊታት፡ ስኽሪስ ሹት ናይ መክፈቲ፡ ሕሳብ ናይቲ ሰብን፡ ናይ ውሉደይን፡ ዝተጻሓሓፍዎ መልእኽትታትን]።
- ነቶም አብ ከባቢና ዝርከቡ መደበር ፖሊስ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ብተሌፎን እሕብር።
- ከም ምክሪ ናይ ፖሊስ፡
    - ነቲ ሰነድ ሒዘ ምስ ውሉደይ ድዩ ብዘይ ውሉደይ ብአካል እርከብ።
    - እኽስስ
    - ኤመልኽትን ሕሳብ ናይቲ ሰብ ድማ እዓጽዎን።

## ንውሉደይ ከሰንዮ ክሕግዞኒ ምእንቲ፡

- ንሱ/ንሳ ግዳይ ምዃኖም እዝክር። ናይ ገበን ስምዒት ንኽስምዖ/ዓ ምግባር ነቲ ጸገም ከም ዘይፈትሖ ልቦም ከፊቶም እኹል ሓበሬታ ክነግሩ ኸም ዘይክእሉ ምግባር እዩ።
- ንውሉደይ ነቲ ምሕዝነት/ዕርኽነት ፍቕሪ ደውንኸብሎ ኽኸብዶ ኸም ዝኽእል እርደአኒ እዩ፡ ንሱ/ንሳ ናይ ብሓቅን ቅኑዕን ጌሮም ስለ ዝቆጽርዎ።
- ንውሉደይ ግዜ ወሲደ ይገልጸሎም።
    - እቲ ሰብ ዝገበሮ ዘይሕጋዊ ምኻኑን ስለዚ ኢና ድማ ንፖሊስ ዝሓበርና፡
    - ሕጊ ንዕኡን/ ንዓአን ንሓለውኦም ከም ዝኾነ እነግሮም።
- ንውላደይ ናይ ስነ-ልቦና ደገፍ ንኽረኽብ ሓሳብ ኤቅርበሉ።



## እቲ ሕጊ ናይ ስዊስ እንታይ ይብል፧

እዞም ዓንቀጻት ናይ ሕጊ ኽንከስስ ኸለና ውን ኽንጥቀመሎም ንኽእል ኢና፡

- ግብረ ጾታዊ ዓመጽ ምስ ቆልዓ፡ ዓንቀጽ 187 CP
- ስእለ ጽዩፍ ቪድዮታት፡ ዓንቀጽ 197፡ ዝባር 1፡ 3፡ 4 ወይ 5፡ CP
- ምፍርራሕ፡ ዓንቀጽ፡ 180፡ ዝባር 1፡ CP
- ምግዳድ፡ ዓንቀጽ፡ 181 CP
- ምትላልን ምዝመዛ፡ ዓንቀጽ 156 CP

## ኣድራሻ

**Action Innocence**

Rue Viollier 4

1207 ጀነቨ: ስዊስ

ተሌፎን. +41 22 735 50 02

contact@actioninnocence.org

**www.actioninnocence.org**

action innocence

**TIGRINYA – 2025** | Conception et graphisme : Blossom et partenaires